## *መበል 24 ዓመት ጽንብል ናጽነት*
## *ኣብ ከተማ በርሊን (ጀርመን) ብድምቀት ከቢሩ ውዒሉ*

*ለምዓት ብጽንዓት ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኤርትራውያን ከተማ በርሊን (ጀርመን) ብዕለት 24.05.2015 ጽምብል ናጽነት መዓልቲ ኣካይዶም።*

*ኣብቲ ብርኽት ዝበሉ መንእሰያት ዝተረኽቡሉ ብዓል ህጻናት ተረከብቲ ሕድሪ ንህዝቢ ምርኢት ኣቕሪቦም።*

*ኣብቲ ኣጋጣሚ ቃል ማሕበረኮም ዘሰምዔት ወ/ሮ ነቢላ ሰዒድ ከምቲ ንናጽነትን ልዑላውነት ሃገርን ብሓባር ዘካየድናዮ ሓያል መኸተ ንህንጸት ሃገርውን ከም ወትሩ ኣጅግና ሰብሲብና ክንሰርሕ ይግባእ ኢላ።*

*ሰዒቡ ጸሓፊ ማሕበረኮም በርሊን ኣቶ ሙሴ ፍስሃየ ንቀዳማይ ጸሓፊ ኤምባሲ ሃገር ኤርትራ ወኪሉ ኣብ ዘሰምዖ ቃል መበል 24 መዓልቲ ናጽነትና ኣብቲ ምሕበረ ሰብ ዓለም ሓቅነትናን ጽንዓትናን ኣንጻ ተሰወጦ ድምጺ ኩኣህኩሕታ ናብ ኤርትራ ዘሰምዓሉ ዘሎ በቲ ሓደ ወገን ድማ መደባት ለምዓትና ኣብ ዝለዓለ ተስፋ ሓኺሩሉ ኣብ ዘሎ እዋን ነብዕላ ብምህላውና ፍሉይ ይገብሮ ድሕሪ ምባል፡ ኤርትራ ዘይከምቀደም ገና ተስፋኣ ወገግ ኢሉ ንተጸባእታ ከተምበርክኽሉ ብምብቃዓ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻእን ዮሃና ኢሉ።*

*ኣብቲ ካብ ሰዓት 4:00 ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 2:00 ወጋሕታ ዝቀጸለ ባህላዊ መደብ ዕውት ንምኹኣን ዘበርከቱ ካብ ኢድ ኣቦ መምበር ማ/ኮም ኣቶ ዮሴፍ ኣረፉይነ ዋንጫን ካልእ ሽልማትን ተዓዲሎም ።*

*ጽንብል መበል 24 ዓመት ናጽነት ኣብ ከተማ በርሊን ብምዕሩግ ኣገባብን ብዉዕዉዕን ልዑል ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚሙ ።*

*ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማኣታት*
*ዓወት ንሓፋሽ*

*ማሕበረኮም በርሊን* *በርሊን 24. 05.2015*